# ሚንስተር ሕርሻ ኤርትራ፡ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ
# ንህዝቢ ኦክላንድን ከባቢኣን መግለጺ ሂቡ።

ዕለት 31 ግንቦት፡ ክቡር ምኒስተር ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ግርማይ ገብረማርያምን ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ፡ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ንህዝቢ ኦክላንድን ከባቢኣን ብዛዕባ ህሉዉ ኩነታት ሃገርናን ዞባናን መግለጺ ሂቡ።

ክቡር ምኒስተር፡ ሃገርና ዓጢቓ፡ ንስሙር ልምዓትን ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ተካይዶ ዘላ መኸተን፡ ብመጠን ዝቐየሰቶ መደባት፡ ዝተማለአ ዓወት እተመዝግበሉ ጊዜ ርሑቕ ከምዘይኮነ ኣነጺሩ።

ብፍላይ ሓመድን ማይን ንምዕቃብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ኣብነታዊ ውጽኢት ብምኳኑ፡ ኤርትራና ናብ ልምዕቲ ደስየት ከይተለወጠት፡ ጉዕዞና ናብ ዘገምታ ከምዘይቅየር ኣመልኪቱ። ንውሕስነት መግቢ ኣመልኪቱ፡ ኣብዚ ዘሎናዮ ዓለም፡ እኽሊ ሸሚትካ መግቢ ህዝቢ ክረጋገጽ ዘይከኣለሉ ተርእዮ ኣብ ዝግሃደሉ እዋን፡ ተታሒዙ ዘሎ ስትራተጂ ናይ ውሕስነት መግቢ ፖሊሲና፡ ኣግዳስነቱ ብዝበለጸ ኣብ ዝረጋገጸሉ መድረኽ ከምዘሎና ሓቢሩ።

ውጥን ጥሙር ሃገራዊ ልምዓት ዕዉት ክኸውን፡ ደረጃ ምሕደራ ኣሰራርሓና ካብ ጽቡቕ ናብ ዝበለጸ መታን ክድይብ፡ ቀዳምነት ዝውሃቦ ዕማም ምኳኑን ነቲ ክረአ ዝኽእል ጉድለታት ንምእራም ብዘይምዝናይ ኣተኩርና ናይ ምብዳህ፡ ዕማም መንግስቲ ኤርትራ ምኳኑ፡ ገለ ካብ መግለጺትቱ ኢዩ ኔሩ።

ካብ ህዝቢ፡ ንዝቐረቡ ሕቶታት፡ ደቂቕ ዝርዝር ብምሃብ ኣብሪሁ።